# ቅልዕቲ መልእኽቲ ናብ ፌስቲቫል ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ክትሳተፉ ትሓስቡ ዘሎኹምን ትሻባሸቡን ዘሎኹምን!

ዝኸበርኩም ሓለፍቲ ማሕበረ ኮማት ከተማ ስቶክሆልም!
ዝኸበርኩም ኤርትራውያን/ስዊደናውያን ገዳይም ተቀማጦ ከተማ ስቶክሆልም!
ዝኸበርኩም ኤርትራውያን ንፌስቲቫል ከተማ ስቶክሆልም ክትሳተፉ ትሸባሸቡ!
ዝኸበርኩም ኤርትራውያን ሓተቲ ፖለቲካዊ ዑቁባ ኣብ ስዊደን!
ዝኸበርኩም ኤርትራውያን ናይ መቀመጥን ስራሕን ፍቃድ ረኺብኹም ተመሊስኩም ናብ ኤምባሲ ኤርትራ ኢድኩም ዝሃብኩም!

ዝኸበርኩም ተታሊልኩም ዘሎኹም መንእሰይ ኤርትራ!
ዝኸበርክን ተታሊልክን ዘሎኽን ውጹዓት ደቀ ኣንስትዮና!

ኩልኻትኩም ኣብቲ ካብ 8 ክሳብ 10 ወርሒ ነሓሰ 2008 ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ዝካየድ ፌስቲቫል ክትሳተፉ ትሸባሸቡ ዘሎኹም ኤርትራውያን!

ንሕና ኣሕውትኩምን ኣሓትኩምን ኤርትራውያን ተቀማጦ ሃገረ ስዊደን፣ ብኩነታት ሕዝብና ፡ ኣብ ትሕቲ ማእሰርትን፣ መቅተልትን፣ ምህዳንን ዝርከብ ንግደስ፣ እዛ ሕጽር ዝበለት መልእኽቲ፣ ምዕዶን መለበምን ከነቅርበልኩም ንፈቱ።

ክቡራትን ፣ ክቡራንን!
ፌስቲቫል ብመሰረቱ ዓቢይ መራኸቢ ብዙሓን ኮይኑ፣ ማሕበራውን ባህላውን ዕላማታት ዝገልጽን ዝሕብርን መሃርን፣ ተመክሮታትካን፣ተዘክሮታትካን ተሕድሰሉ፣ ሕዝባዊ ዓውዲ ርክብ ኢዩ። እዚ ልምዲዚ ኣብ ኩሉ ማሕበረሰብ ዓለም በብእዋኑ ይግበር፣ እቲ ዝግበር ፌስቲቫል ድማ እዋናዊ ኣርእስትን መደባትን ኣለዎ፣ ብወገን ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ ኣብ ወጻኢ ብምስለነታቱን ደገፍቱን ዝውደብ ፌስቲቫል ግን፣ ዕላምኡ ገንዝብ ምእካብን፣ ነቲ ዓመት ዓመት ዝድገም ናይ ሓሶት ፖለቲካ ንምድጋምን ነቲ ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ከመይ ገርካ ገንዘቡ ትወስደሉ ዝጥቀሙሉ ኣገባብ ጥራሕ ኢዩ፣ ካልእ ንኣፍልጦታት ሕዝቢ ሓፍ ዘብልን መሃርን ትሕዝቶታት የብሉን፣

ብርገሳውያንን ፖለቲካውያን ማሕበራት ኣብ ሃገረ ስዊደን፣ነቲ ኣብ ዓመት ዓመት ዝውደብ ፌስቲቫል ህግደፍ ዕላማታቱን፣ ኣወዳድባኡን ኣመዋውላኡን ምስ ካልኦት ስዊደናዊ ፖለቲካውያን ሕዝባውያን ምንቅስቃሳት ኮይኑ ሓደ ዓሚቁን ሰፊሕን መጽናዕቲ ኣካዪዱ፣ እቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፣ ነዚ ዝሰዕብ ሓቅታት ኣረጋጊጹ እዩ፣

1. ዕላማታቱ ገንዘብ ኣኪብካ ንመንግስቲ ኤርትራ ምልኣኽ
2. ንሕዝቢ፣ ብሓሶት ምልዕዓልን ምፍርራሕን
3. ኣወዳድባኡ፣ ብማሕበረ ኮማት ምስ ኤምባሲ ኤርትራ ብምትሕብባር
4. ኣመዋውላኡ፣ ካብ ስዊድናዊ ባህላዊ ትካላት ከም ናይ ባህላዊ ንጥፈታትን ፕሮጀክትታትን ኣምሲልካ፣ ኣታሊልካ፣ ኣምሲልካን ሓገዝ ምእካብ
5. ኣብቲ ናይ ሰለስተ መዓልቲ በብዓይነቱ ፣ ናይ ገንዘብ መእተዊ፣ ፣ ንትሕቲ ዕድመ መስተ ምሻጥን፣ ካልእ ዘይፍቁድ ገንዘብ ምድላብን

**ዝኸበርኩም ኣሓትን ኣሕዋትን!**

ፌስቲቫላት ዕድመ ናይቶም ንህዝቢ ኤርትራ ዘሳቐዩ ዘለዉ ውሑዳት ወተሃደራውን ጸጥታውን ሓለፍቲ ኣብ ትሕቲ ሓደ ውልቀ መላኺ፣ ብዘይ ሕጊ፣ ብዘይ ፍርዲ ንሕዝብና ዘጽንት ዘሎ፣ ዝምውል፣ ብሽም ሃገራውነት ኤርትራ መሸቀጥን መታለለን፣ ትርጉም ዘይብሉ፣ መራኸቢ ሕዝቢ ኢዩ። እዚ ምኻኑ ዝጠፍኣኩም ኣይመስለናን፣ እንተኾነ፣ ሰሚዕኩም፣ ከምዘይሰማዕኩም፣ ርኢኹም ከምዘይረኤኹም፣ ኣንጻር ሕልናኹም ምኻድኩም ከምኣሕዋት ንኣና እውን ስለ ዘጉህየና፣ እቲ ዓመት ዓመት ትሳተፍዎ ፌስቲቫላት፣ ንጥቅሚ ሕዝብና ዘይኮነስ፣ ንጥቅሚ እቲ ንሕዝብና ጥራሕ ዘይኮነ ወላ ንኣኻትኩም፣ ዘሳቒ ዘሎ ስርዓት ናይ ሓደ ውልቀ መላኽን፣ ኣገልገልቱን ኢዩ።

ወድሰብ ካብ ካልኦት እንስሳታት፣ ዝፈልዮ ዝሓስብ ኣእምሮን፣ ሕልናን ሰለዘለዎ ኢዩ፣ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ንሕዝቢ ኤርትራ ዘይሓስብ፣ ኣእምሮ ዘይብሉ ሕዝቢ ኢዩ፡ ብዝብል ብሂል፣ ንከይሓስብ፣ ኣቀዲሙ ብራዕድን ምፍርራሕን ኣብ ትሕቲ ግዝኣቱ ተንበርኪኹ ንኩሉ ግዜ ከምዘገልግሎ ገርዎ ይርከብ ኣሎ፣ በሉ እስከ ኣሕዋትና ወደብትን፣ ተሳተፍትን ፈስቲቫላት ሕግደፍ ኣብ ስዊደን፣ ኣብ ዓዲ ናጽነትን ሓርነትን፣ ዓዲ ሕግን ፍትሕን እናተቀመጥኩምን ጸጋታቱ እናተጠቀምኩም፣ ሕዝቢ ኤርትራ ከምዚ ናታትኩም መሰላት ክረክብ ኣለዎ ኢልኩም ዘይምሕሳብኩም፣ ኢሰባውን፣ ኢሞራላውን ተግባር ኢዩ። ካብዚ ዘይሰብኣውን ዘይሞራላውን፣ ወጺኩም፣ ህዝብና ይግፋዕ፣ ኣሎ ክትብሉ፣ክትክእሉ ነሩኩም፣ እንተኾነ፣ ብኣንጻሩ ንሕዝብና ዘጉሂ፣ ኣብ ፈስቲቫላት ህግደፍ ከድካ፣ ካዝናኦም፣ ምምላእን፣ ምስሳዕን፣ ኢዩ። እዚ ድማ ኢዩ፣ ኣንጻር ሕልናኦም ዝሰርሑ፣ ናይቲ ኣብ ልዕሊ ሕዝቢ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ገበን ከቑጸረኩም ይከኣል ኢዩ ዝብል ግምት ኣሎና።

**ዝኸበርኩም ወደብቲ ማሕበረ ኮማት ኤርትራ ኣብ ሃገረ ስዊደን!**

ኤርትራውያን ተቀማጦ ኣብ ስዊደን፣ ብመሰረት ደሞክራስያዊ ቅዋም ሃገረ ስዊደንን ብመሰረት ኣህጉራዊ ውዕል ብዛዕባ ሲቪላውን ፖለቲካውን፣ ንረብሓኦም ማሕበራት ከቁሙ፣ ምስ ካልኦት ብምትሕብባር ድማ ንመሰላቶምን ንሓርነታቶምን፣ ተውዲቦም ክሰርሑ መሰሎም ኢዩ፣ እዘን ኤርትራዊ ኮማት ዝበሃላ ብኤምባስታት ናይ ኤርትራ ዝቆማ እምበርዶ ብሓቂ በቲ ደሞክራስያዊ ሕገ/መንግስቲ ስዊደን፣ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ይሰርሓ ኣለዋ ወይስ ነቲ ዝተዋህበን ፍቃድ ተጠቂመን፣ ብሽም ማሕበር፣ ዘየሎ ንጥፈታት ይኹን ፕሮጀክትታት ብምቅራብ፣ ንኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዊደን ዝምውላ ኢየን። ብዛዕባዚ ሓድነታዊ በርገሳዊ ማሕበራት ንሰባዊ መሰላትን ፍትሕን ርትዕን ኤርትራ፣ ናይዘን ኮማት ኣሰራርሓ ደሞክራስያዊ ምኻኑን፣ ተሓታቲ ናይ ምሕደራን ሒሳብን ቁጽጽር ክግበረን ንሰበ ስልጣን ኮሙናትን፣ ሓለፍቲ ፊናንሳዊ ሓገዝ ዝህባ ከም ኩልቱር ፎርቫልትኒንግ ኣቅሪበን ኣለዋ፣ ድሮ በዚ መሰረት፣ ብዙሕ ዘይሕጋዊ ስራሓት ክገብራ ዝተታሕዛ ኮማት እውን ዛጊት ኣለዋ፣ ተሊፈን ዘለዋ እውን ኣብ ምኽትታል ኢየን ዘለዋ፣

ሓድነታዊ ብርገሳዊ ማሕበራት ኤርትራ ኣንጻር ውደባን፣ ንመሰላትን፣ ንሓርነታትን ዝቃለሳ ማሕበረ ኮማት ኣይኮናን እንታይ ድኣ ኣንጻር ጸረ ደሞክራስያውን ጸረ ሰብኣዊ መሰላት ንዘገልግል ተግባራተን ኢዩ፣ ሓድነታዊ ብርገሳዊ ማሕበራት ንሰብኣዊ መሰላት፣ ንማሕበረ ኮማት፣ ምስ ኤምባሲ ኤርትራ ዘለወን ርኽኽብ ኣቋሪጸን ብነጻ ክሰርሓ ንጽወዐን፣ ኣብዚ ሎም ዘመን ተመዲቡ ዘሎ ፈስቲቫል ከተማ ስቶክሆልም ድማ፣ ኢደን ከልዕላ ምሕጽንታና ነቅርብ።

**ዝኸበርኩም ሓተቲ ፖለቲካዊ ዑቁባ፣ ፍቓድ ዘይረኸብኩምን ዝረኸብኹምን!**

ሕዝቢ ኤርትራ ብዘሳቅን፣ ብዘዋርድን፣ ብጨካን ኢሰብኣዊ ኣገባብ ተታሒዙ፣ ንስኻትኩም ድማ ካብዚ ጨካን ዘሳቐየኩም ስርዓት ነፍስኹም ከተድሕኑ፣ብክንደይ ሽግር ኣጻምእ ምድረ በዳታት ረጊጽኩም፣ ካብ ቀለብ ዓሳ ምዃን ድሒንኩም፣ ኣብ ሃገረ ስዊደን ፖሊቲካዊ ዑቁባ ሓቲትኩም። ገለኹም ፍቃድ ረኺብኩም ገለኹም ድማ ተነጺጉም ትርከቡ። መንግስቲ ስዊደን ብሰንኪ እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኣሰቃቅን ሰዋርድን ፖለቲካዊ ኣተሓሕዛ ኣብ ግምት ብምእታው ኢያ ንሰደተኛታት ኤርትራ ትቅበል፣ በዚ ምኽንያት ፍቃድ ለኺብኹም ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ተጣዒስና፣ ተጋጊና ኢልኩም ኢድኩም ናብቲ ምኽንያት መህደሚኹም ዝኾነ ኤምባሲ ምሃብኩም፣ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ንስቅያት ሕዝብና ኣንዋሕዩ ትብልዎ ኣሎኹም፣ ካልእ ድማ ነቲ ኩውንነት ናይ ኤርትራ ተዕብርዎን፣ ንካልኦት ብሓቂ ነፍሶም ከድሕኑ ንዝመጹ ድማ ብመንግስቲ ስዊደን ተቀባልነት ከምዘይረኽቡ ትገብሩ ኣሎኹም፣ ብኣፍልጦ ወይ ብዘያፍልጦ ትገብርዎ ዘሎኹም ክሕደት ኣብ ልዕሊ ሕዝቢ ኤርትራ ኢዩ፣ ጽባሕ ንጉሆ ኣብ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ተሓተቲ ኢኹም፣

ሓድነታዊ ብርገሳዊ ማሕበራት ንሰብኣዊ መሰላት ዝጣበቕ ኣብ ሃገረ ስዊደን ድሮ ኣብ ውሽጢ ዞም ሓደስቲ ስደተኛታት፣ ምልካዊ ስርዓት ናቱ ሰለይቲ ከም ስደተኛታት ኣምሲሉ ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ይኹን ኣመሪካ ይሰድድ ከምዘሎ ፣ ድሮ በጺሕዎ ኣሎ። እዞም ተኸዊሎም ከም ስደተኛታት ኢዶም ዝህቡ ዘለዉ፣ ከም ኮሎነላት፣ ከም ሻንበላት ኮይኖም ከምኡውን ከም ተራ ሰባት፣ ክንደይ ደም ንጹሓት ዘፍሰሱን ብገበን ዝሕተቱን ኢያቶም፣ ኣብ ስዊደን ብከምዚ ኣገባብ ኣትዮም ዘለዉ ድሮ ተፈሊጦም ኣብቲ ናይ ወጻእተኛታት ቤትጽሕፈትን ኣብ ናይ ገበን ዝከተታል ፖሊስ ኮሚሽነራት ተመሓላሊፉ ኣሎ፣ ጉዳዮም ምስ ጸረየ ናብ ናይ ኣህጉራዊ ናይ ውግእ ቤትፍርዲ ክቅርቡ ኢዮም።

ብርገሳዊ ማሕበራት ስዊደን ንኩሎም ሓተቲ ዑቁባ ፍቃድ ዝረኸቡን ዘይረኸቡን፣ ኣብ ከተማ ስቶክሆም ዝካየድ ፈስቲቫል፡ ኣንጻር ሕዝቦምን፣ ንስቅያቶም ዘናውሕን ስለ ዝኾነ፣ ሱታፌኦም ጠጠው ከብሉን ብኣንጻሩ ምስቶም ንመሰል ሕዝቢ ኤርትራን ንመሰል ሰደተኛታታን ዝቃለሱ ክጽንበሩ፣ ንጽውዕ።

**ዝኸበርኩም ተታሊልኩም ዘሎኹም መንእሰይ ኤርትራ!**

መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ኤርትራ ዝተወልዱን ኣብ ሃገረ ስዊደን ዝተወልዱን ዝተማህሩን፣ እቲ ዘገርም እቲ ብወለዶም ዝወሃብ ናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ብዛዕባ ስልጣነ ኣብ ኤርትራ ኢዩ፣ ኣብ ስደት ተወሊዶም ብናይ ስዊደን ነጻ ኣተሓሳባን፣ መሰል ወድሰብ ክሳብ ክንደይ ክቡር ምዃኑ፣ ብገንዘብ ስዊደን ተማሂሮም፣ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ምስ ወድኡ ኣብዚ ዓዲ መጀመርያ ብኤምባሲ ኤርትራ ይምረቁ፣ ቀጺሎም ድማ ንዓዲ ተላኢኾም፣ ብፕረሲደንት ኢስያስ ይምረቁ፣ እዚ ኩሉ ንጀህራ ኢዩ፣ ፕርሲደንት ኢሳያስ ነቶም ኣብ ኤርትራ ዘለዉ ትምህርቲ ከሊኡ፣ ንመናእሰይ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ትምህርቲ ጕዳጉዲ ምዃዓትን ጊላታት ናይ ሓለፍቲ ወተሃደራዊ ቤትጽሕፈታት ብሽም ሃገራዊ ኣገልግሎት ንምሉእ ዕድመኦም ናይ ትምህርቲ ኣሕሊፎም እናተሳቀዩ ከለዉ፣ ናብ ከምዚ ዓይነት ስርዓት መንግስቲ ከድኩም ክትምረቁ፣ ኣንጻር ሕልናኹም ስለዝኾነ፣ ምርቃኻ ይትረፈና፣ ክትብሉን፣ ኣብቲ ዝግበር ፈስቲቫላት እውን ምኻድ ኣንጻር ሰብኣዊ መሰላት ናይ መንእሰያት ስለ ዝኾነ ተቃውሞኹም ክተርእዩ፣ ጻዋዒትና ነቅርብ።

**ዝኸበርክን ተታሊልክን ዘሎኽን ደቀኣንስትዮና!**

ደቀ ኣንስትዮ ፍርቂ ክፋል ናይ ሕዝብናን፣ ወሰንቲ ናይ ሓንቲ ሃገራዊ ማእቶት ኢየን። ብዘይ ተሳትፎ ደቀ ኣንስትዮ፣ ዝመጽእ ዓወት የለን። እዚ ስለዝኾነ ድማ ኢዩ ደቀ ኣንስትዮ ኤርትራ ወትሩ ግዜ ኣብ ጐድኒ ወድተባዕታይ ኮይነን ዝተቃለሳን ዝቃለሳን ዘለዋ፣ ፍረ ጻማ ቃልሰን ብሰንኪ እቲ ንኩልና ዘሳቂ ዘሎ ውልቀ መላኺ ስርዓት ስኢነን። ኣብ ክንዲ ትምህርቲ ግዱድ ዕስክርና፣ ኣብ ክንዲ ስራሕ ጊላታት ናይ ወተሃደራዊ ሓለፍትን ኮይነን፣ ብዘይ ፍቶተን ተገዲደን ኣብ ዘይተደልየ ስጋዊ ርኽክብ ብምውዳቅ ህይወተን ኣብ ሓደጋ ተሳጢሑ፣ ገለኤን ክርሽና ገለአን ድማ ዕድል ረኺበን ክስደዳ፣ እናረአኽን፣ ኣብዚ ፈስቲቫላት ናይዚ ኩሉ ጠንቂ ዝኾነ ምስታፍክን፣ዘሕዝን ኢዩ። ብርገሳዊ ማሕበራት ንሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ፣ ቃልስኽን ቃልሲ ውጹዓት ኮይኑ ንመሰልን ሓርነትን ደቀ ኣንስትዮ ክኸውን መታን ካብ ብሎሚ ኣብ ፈስቲቫላት ናይቲ ጨቛኒ ስርዓት ምኻድ ከተቋርጻ ምሕጽንታና ነቅርብ።

**ዝኸበርኩም ኩሉኹም ብሓበራ!**

ሕዝቢ ኤርትራ ዝጠልቦ፣ ነቲ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ፣ብኢደ ወነንኡ፣ ስልጣን ገቢቱ ዘሎ ስርዓት፣ ስልጣን ካብ ሕዝቢ ስለ ዝመጽእ እቲ ሒዝካዮ ዘሎኻ ስልጣን ናይ ሕዝቢ ስለ ዝኾነ ካብ ሎሚ ሕጋውነት የብልካን ክንብል ክንክእል ኣሎና። መጀመርያ ስጉምቲ እምኣበር፣ ተሳትፎና ካብ ኩሉ ነቋርጽ፣ ምስ ኤምባሲታት ብምትሕብባር ዝግበር ፈስቲቫላት ጠጠው ኢሉ ኣብ ክንድኡ ንደሞክራስያዊ ለውጥን፣ መሰላትን ሓርነታትን ሕዝቢ ኤርትራ ዘጕናጽፍ ነጻ ዝኾነ ፈስቲቫላት ምኽያድ ኢዩ ዝድለ ዘሎ።

ምስ ሰላምታ

ኣዋሃሃዲት ሽማግለ
ሓድነታዊ ፖለቲካውን በርገሳዊን ማሕበራት ኤርትራ ስዊደን